መዓልቲ ሰማእታት 20 ሰነ ኣብ ቶሮንቶን ከባቢኣን ዝርከቡ ኤርትራውያን ብኽብ ዝበለ ስነስርዓት ዝክሪ ሰማእታት ጽንብል ከቢሩ ዊኣዕሉ።

ብመጀመርታ መደባትና ከምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ተፈሊሙ፡ ኣገባብ ማዓልቲ ሰማእታትና ብእግሪ ግዕዞ፡ ብህጻናት፡ መርሓቲ ሃይማኖት፡ ውክልቲ መንግስትን ቀጺሉ ኩሉ ሓፍሽን እግሪ ግዕዞ ንልዕሊ ፍርቂሰዓት ተካይዱ፡ ኣብቲ እግሪ ግዕዝ ኩሉ ተሳታፊ ካብ ዕላልን ወኻኻዕን ተቆጢቡ ብጽሞና ሰማእታቱ እንዳ ዘከረ ተጋዒዙ፡ ድሕሪ እግሪ ጉዕዞ ብዝክሪ ሰማእታትና መደባትና ቀጺሉ።

ብጸይ ኣሕመድ ኢማን ጠቅላሊ ካንስል ኤርትራ ንካናዳ ቃል ኣስሚዑ፡ ብኣጋጣሚ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት፡ በዛ ልዕሊ ንኹነ ጽምብላትና እንሰርዓ ክብርቲ ማዓልቲ፡ ሓርበኛ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብ9 ሕብረተ -ብሄራትን ዝተፋላለያ እምነትታ ዝቆመ ሓይሊ፡ ከም ሐደ ልቢን ህርመትን፡ ሓደ ህዝብን ኮይኑ፡ ሰንሰለታዊ መግዛእትታን ወራራታን፡ ብተወፋይነትን ተበጃውነትን፡ ከቢድ ምስዋእቲ ዝኸፈለ ብሓፈሻ፡ ሓርበኛ ጅግና ተጋዳላይ ድማ ብፍላይ፡ ኣንጻር መግዛእቲን ወራርን፡ ንልዕሊ 30 ዓመታት ክቡር ደሙ ዝኸፈለ፡ ብብረታውን ሕጋዊን ወግዓውን መንገዲ ናጽነቱ ዝተጎናጸፈን፡ ልዕላውነቱ ዘረጋገጸን፡ ንጹር ራእይን፡ ጽኑዕ መብጽዓን ሰረት-እምነት ስለ ዝገበረ እዩ።

ኤርትራ ን23 ዓመት ተስተማቅሮ ዘላ ናጽነት፡ ውጽኢት ከቢድ መስዋእቲን ስንክልናን ዝተኸፍሎ ህያው ሓወልቲ ታሪኽና ኢዩ። ሰማእታትና ምእንቲ ሃገራዊ ረብሓታትን ድሕንነትን። ረብሓ ሃገር ቅድሚ ውልቃዊ ረብሓታቶምን፡ ስድራ ቤቶምን ሰሪያም በጃ ህዝቦም ዝሓለፉ፡ ኣብ ሃገርና ሰላምን ፍትሕን፡ ብልጽግናን ራህዋን ከሰፍኑ ዝተቃለሱ፡ ኣብ ኩሉ ልቢ ኤርትራዊ ሓወልቲ ኣንቢሮም ይርከቡ።

ብለን ዓይንና ዝኾነት ሰላም ምዕቃብ፡ ሓድነትን ስኒትን ህዝቢና ምሕላው፡ ትሕቲ ሃገራዊ ኣጠማምታን ዝንባሌታትን፡ ረብሓ ሃገር እናሃሰኻ ውልቃዊ ጥቅሚ ንምርካብ ምጉያይ ዝረኤ ምብዳህ፡ ከም ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ህንጻት ሃገር'ውን፡ ዘይሓልፍ ዝመስል ሽግራትን ፈተነን ሰጊርና ክንዕወት፡ ኣብ ግዜ ሰውራ ዘማዕበልናዮ ያታን ክብርታትን፡ ድልዱል ባይታ ኣንጺፉልና እሎ። ሕድሪ ሰማእታትና ካብ ወለዶ ንወሎዶ ዝሰጋገር ሽግ ዓወትና ስለ ዝኾነ፡ ጀጋኑና ንድሕሪት ዝገደፍዎም ስድራ ቤቶም ክንጥውሮምን ክንሕብሕቦምን ናይ ኩላትና ሓላፍነትን ግደታን ኢዩ። በዚ ኣጋጣሚ ንኹሎም ሃገራውያን ዜጋታት፡ እምነታትን ነዚ ቅዱስ ተግባራት ዘተግብሩ ዘለው ምስጋና ይብጻሓዮም። መደምደምታ ክብሎ ዝደሊ ኩላትና ሃገራውያን ኤርትራውያን፡ ክብደት ሰማእታትና ኣዕሚቕና ብምርዳእ፡ ስንኩላትና ከነኽብሮምን ክንርድኦምን፡ ኣብ ሞንጎና ዘሎ ፡ ናይ ስራሕ ምውህሃድ፡ ብዝላዓለ ክንሰርሕ፡ ብነኣሽቱ ጉድለታት መኣዝና ከይንስሕት፡ ብክፉት ልቢን ቅንዕናን ክንሰርሕ ይግባእ። ድሕሪ ሓያልን መሳጥን ቃል ብጸይ ኣሕመድ ምስማዕ መደባትና ብፍናን ቀጺሉ። ስዒቡ ብጸይ ኤፍሬም ወልደሳሙኤል ሽማግለ ስድራቤት ሰማእታት ቃል ኣስሚዑን፡ ንተቀማጦ ቶሮንቶን ከባቢኣን ብዝገበርዎ ዘለው ንጥፈት ከሙውን ምሕብሓብ ሰማእታት ኣመስጊኑ፡ ሕጂውን ከም ትማል እቲ ቁድስ መንፈስ ክቅጽል ተላብዩ።

መደባትና ብምንባር ዕንበባ ኣብ ሓወልቲ ቀጺሉ፡ ድሕሪ ናይ ውኪል መንግስት፡ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ሃ.ማ.ድ.ኤ፡መ.ህ.ግ.ደ.ፍን ኩለን ኣብያተ በተክርስትን ኣብቶሮንቶን ከባብኣን ዝርከባ ብስነስርዓት ዕንበባ ኣንቢረን። ቀጺልና ዝተፈላለየ ሓያልን መሳጥን ዝኮነ ግጥምታት፡ ካብህዝተፈላለዩ ሀገራውያ ሓያል ገጠሚ ኣቕሪቦም፡ ልዕሊኩሉ ክእ እቶም ህጻናት እዩ መሳጥን ኣሐባንን እቲ ግጥምታት እቲ ራኢን ናይ ምውርራስ መንፈሶምን።

ቅድሚ መደባትና ምዝዛም፡ ዝተፈላለዩ ሃገራውያን ተሳተፍቲ ንምሕብሓብ ስድራ ቤት ስውኣት፡ ደቂስውኣት ሎሚውን ከም ትማሊ ድልዋት ምካኖም ኣብኩሉ መዳያት ካብ ምንባይ ፈሊምካ፡ ሕድሪ ሰማእታት ንምፍጻም ድሉዋት ምካኖም ኣረጋጊጾም።

ኣብቲ ዝክሪ ሰማእታትና ዘካየኦ ኣዴታት ጎስጋስ ናይመሽጣ ዝተፈላለ ነገራት ኣታዊ ብምሉኡ ንስድራ ወይ ደቂ ስውኣትና ከምወፈያ ኣካይደን ብርክት ዝበለ ከአ ኣበርኪተን፡ መደብና ብዝክሪ ሰማእታትናን ሃገራዊ መዝሙርን ተዛዚሙ….

ቀጻሊ ዝክርን ሞጎስን ንሰዋእትና

ዓወት ንሓፋሽ!!